ካብ ዝተዓዘብናዮ - ድሕሪ መጋረጃ ዝተፈጠረ ዲሞክራሲያዊ ግልፅነትን ለውጢ ኣመራርሓ ህወሓት፡፡

ቅድሚ ሕጂ/ዚ ኣብ መቐለ ፃንሒት ክገብር እንከለኹ ምዕባለ መቐለን ኣብ ዓይደር ሆስፒታል ዝተራኣየ ናይ ሲቲ ስካን-computed tomography (CT) scan ሓማቐ ምሕደራ ከምዝገለፅኩ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ድሕሪ ቑሩብ ግዘ እቲ ፀገም መፍትሒ ምርካቡ ነቶም ኣቓልቦ ዝገበሩሉ ምስጋናይ እናገለፅኩ ሕጂ/ዚውን ኣብ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ፀገማት መፍትሒ ንኽድለየሉ ካብ ዝተዓዘብኩዎ ሓበሬታ ከካፍል ይደሊ፡፡ ለንቅነ ኣብ ሑመራ፣ ሽረ፣ ኣኽሱም ቅንያት ጌረ ተመሊሰ ኣለኹ፡፡ ትዕዝበተይ ትዕዝብቲ ጋዜጠኛ ኣይኮነን፣ ትዕዝብተይ ትዕዝብቲ ሓደ ትግራዋይ ኮይኑ ከምዝስዕብ ይገልፆ፡-

1. ኣብ ሑመራ ኣብ ኖቐጣ/ሬድየስ 20 ኪ.ሜትር ማይ ከምቲ ዝድለ ኣይወቐአን እዩ ዘሎ፡፡ ዘርኢ ሰሊጥ ገና ኣብ ምቡቃል ይርከብ፡፡ እኹል ማይ ዘይምውቅዑ ከምቲ ዘለዎ እንድሕር ቐሊሉ ምህርቲ ሰሊጥ ኣዝዩ ክውሕድ እዩ፣ ሎሚ ዘበን ሃሰያ ኣብ እቲኣም ሰብ ሃብቲ ክበፅሕ ከምዝኽእል ይግመት፡፡ ካብ ቡና ቐሊሉ ብሸርፊ ወፃኢ ወይክዓ ማዕረ ንማዕረ ዝነበረ ኹነት ተቐዪሩ ብሕፅረት ናይ ሰማይ ማይ ዓብይ ጉድኣት ይፍጠር ኣሎ፡፡ ዓብይ ሸርፊ ወፃኢ ይተርፈና ከምዘሎ ምሕሳብ እውን የድሊ፡፡ እዚ ሀገራዊ ልምዓት፣ ሀገራዊ/ፌደራል ስትራተጂ የድልይ'ዮ፡፡ ናይ ምእማንን ከም ዓብይ ዛዕባ ጌርካ ምውሳድ ኣብ ክልል ትግራይን ኣብ ፌደራል ዘለው መራሕቲ ህወሓት/ኢህወደግ ከመያየጡሉን ከሰርሕሉን ይግባእ፡፡ ነዚኦምን-ከምዚኦምን ዝኣመሰሉ ፀገማት ንምፍታሕ ካብ ተከዘ ማይ ቐሪፅካ ናይ ምትእትታው መሰኖ ስትራተጂ የድሊ፡፡ በዚ ድማ ዓብይ ሸርፊ ወፃኢ ከእቱ ዝኽእል ልምዓት ሰሊጥን ካልኦት ጥራምረ ምሕርቲ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ እቶት ንኽኣቱ የኽእል፡፡

2. ብተመሳሳላይ ፀገም ፁሩይ ማይ መቐለ ካብ ዲጋ/ግድብ ተከዘ ኣንድሕር ዘይተሳሒቡ ንሓዋሩ እኹል ማይ ክርከብ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ኣፀጋሚ ይመስል፡፡ ስለዚ ሰብ ኪኢላ ማይ፣ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ኽልል ትግራይን ሓለፍቲ ፌደራል መንግስትን ነቲ ፀገም ናይ ፌደራል ፀገም ጌሮም፣ እቲ ጉዳይ ናይ ፌደራል ጉዳይ ጌሮም ናይ ሓዋሩ ምፍትሒ ንኽናድይሉ ንሕብር፡፡

3. ለንቅነ ኣብ ከባቢ ሽረን ኣኽሱምን ከራማት ማይ ድሒሩ ዋለካ እንተወቐአ ፅቡቐን ብርቱዕን ማይ ይወቅዕ ኣሎ፣ ፅቡቐ ኣበቓቕላ ኣዝርእቲ ይረአ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ኣብዘን ከባቢ እዚኣን ተስፋ ዝሕብ ኩነት እዩ፡፡

4. ብመዳይ ፅሬት ትምህርቲን፣ ምዕባለ ባህሊን ዝደስከለ ምኻኑ ብሰፊሑ ኣብቲ ዝቐነኹሉ እውን ይዝረብ እዩ፡፡ ነዚ ድማ ሕጂ/ዚውን ለውጢ የድለይ ኣሎ፡፡

5. ጉዕዞ ሕርሻ ገጠር ትግራይ ምስ ዕድመ 24 ዓመታት ክትነፃፅሮ እንከለኻ ብፍላይ ኣብ ገጠራት ክትርእዮ እንከለኻ መሠረታዊ ለውጢ ኣምፂኡ እዩ ኢልካ ንምዝራብ ዘ ድፍር ኣይኮነን፡፡ ዘመናዊ ሕርሻ ኣብ መብዛሕቱ ገጠራት ኣይረአን፡፡ ብርግፅ ኣብ ፍራ ምረ፣ ምፍራይ ፃባን ንህብን ፅቡቅ ከይዲ ከምዘሎ ኣናተረዳእኹ፡፡ ኣብ ልምዕት ኣዝርእቲ ግና ኣዝዩ ድሑር እዩ፡፡ ምስ ዕድመ ሕርሻ ቻይና፣ ኮሪያ፣ ወዘተረፈ ... ዝገበረኦ ንይ ሕርሻ ዘመናዊ ለዉጢ ፈፂሙ ከወዳደር ኣይኽእልን፡፡ ስለዚ ዘመናዊ ሕርሻ መስ ፀባይ ኣይርንና መሬትናን ከባቢናን ዝኸይድ ሞዴል ዝኾና ዓድታት ከም ባዓል

እሰራኤል ልምዲ ወሲድካ መሠረታዊ ለዊጢ ምግባር ይሓትት ኣሎ/የድሊ። ብኻሊእ ገፅ - ብቐሊሉ ኣብ ሓፂር ግዜ ለውጢ ክነምፃኣሎም ንኽእል ንኣብነት ለጥ ኣብ ዝበለ ሰፋሕቲ መሬት ከም ባዓል ጎልጎል ራያን፤ ጎልጎል ሑመረን ግዜ እንከይሃብካ ትኹረት ሂብካ ክስራሓሉ ይግባእ። ናይ ካፒታል/በጀት ጉዳይ ብልቓሕ ካብ ዝማዕበላ ሃገራት ንምርካብ ፃዕርታት ብኽልልን ብፌደራል ምንግስትን፤ በሳሓባይ ኢንቨስትሜንት ፕሮሜሽን፤ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ፌደራል ክስርሑሉ ይግባእ።

6. ኣብ ቐፅሪ 5 ዝተገለፀ ስራሕቲ ብዘይምስርሑ መብዛሕቱኡ ግዱስ ትግራዋይን ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ መረረትን ሕርቃንን የስምዕ ኣሎ። ዝምልከቶም ሓለፍቲ ፌደራልን ሓለፍቲ ኽልልን ብሓዱሽ ወለዶ ንኽትካእ ትፅቢት ዋላ እኳ ተጌሩ ኣነተነበረ ህዝቢ ብዝይተፀበዮ መንገዲ ለውጢ ምሕደራ፤ ምትዕርራይ ኣመራርሓ ኣብ መበል 12 ጉባኤ ህውሓት ኣይተፈጠረን። ካብ ጫፍ ምዕራብ ትግራይ ኣስካብ ማእኸል ትግራይ ሕራነን ዘይቅሳነትን የረአ ኣሎ። እቲ ዝተፈጠረ ድሕሪ መጋረጃ ዲሞክራሲያዊ ግልፅነትን ለውጢ ኣመራርሓን ኩሉ ሰብ ኣግራሞት ፈጢረሉ ኣሎ፤ ኩሉ የጉረምርም ኣሎ።

7. ኣብ ቐፅሪ 5ን 6ን ብዝተገለፀ ምኽንያት ሕጂ/ዚውን ነበይ ገፅና ከምነምርሕ ዝፍለጥ ኣይመስልን። ስርዓት ቐልውላው/ኣልበኝነት ኣብ ምዕራብን ማእኸላይ ትግራይ ተፈጢሩ ይረአ ኣሎ። ኣብ ኸተማ ሽረ ምምሳይ ኣይካኣልን። ሓሊፉ ሓሊፉ መቐተልቲ ይረአ ኣሎ። ካበይ መፂኡም ዘይባሃሉ ሰባት መጭወይቲ ቐልኡት ይገብሩ ኣለዉ። ሓንቲ ካብ ሰለኽለኻ፤ ሓንቲ ካብ ኣኽሱም፤ ሰለስተ ካብ ሽረ ቐልኡት መብዛሕቶም ደቂ ኣንስትዮ ካብ መንገዲ ናብ መሸጣ ልቢ፤ ናብ መሸጣ ኹላሊት ተጨውየን ኣለዋ ተባሂሉ ብሰፊሑ ይዝረብ ኣሎ። ከላሽ ማሓዝ ኣብ ሽረ ትርጉም የብሉን። ምስ ከላሽካ/ብረትካ እንከለኻ እንተደልዮም ዝሓንቐሓ/ሃንግ ይገብሩኻ ኣንተደልዮም ብእምኒ/ደንጎላ ፈፅ ኣቢሎም ከም ድልየቶም ጌሮም ዝዘርፉ ሰባት በዚሑም ይርከቡ። ኣዴታት ሽረ ኣብ ስግዓትን ኣብ ጭንቀትን ይርከባ ኣለዋ። እዚ መድመቒ ዘረባ ወይከኣ ሓሶት ኣይኮነን። ፖሎቲካዊ ዕላማ እውን የብሉን። ኣብ ርሕቐት ዘለኹም ብመርበብ ስልኪ ይኹን ብኻሊእ መርበብ ምርግጋፅ ይካኣል እዩ። ስለዚ መንግስቲ ነዚ ተገንዚቡ እውን ሰላም ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ኣለዎ። ንምረት ህዝቢ እውን ኣቓልቦ ሂቡ መፍትሒ ክደልይ ይግባእ፤ ኣንተዘይ ኮይኑ ናበይ ገፅና ከምነምርሕ ሕዚ/ጂውን ኣፀጋሚ ይመስል።

ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!!

ዓወት ንውፁዕ ህዝቢ ትግራይ!!